# ንሕና ንበዝሕ

ሰንፈላል ኮይኑ ናብራና፣ ቅሳነት ስኢና
ኣየነስምዕ ኣይነድምዕ  ስደት ጥራሕ ኮይና
ወጊሑ ክሳብ ዝዓርብ መዘራቢ ዛዕባ ኮይና
ክሳብ መዓስ'ዩ ከም'ዚ ኢልካ ናብራ።

ስቓይናን ኢልቂትናን ፈቖዶ ይዝረበሉ
ፈጺምና ግን ኣይንመሃረሉን መሊስና ንውስኸሉ
ዓገብ ኣብ ሓደጋ ኣይትውደቑባ እናተባሃልና
ንሕና ግን ንውሕዝ ሰሚዕና ከምዘይሰማዕና።

ክንዲ'ዚ ዝኾኑ ብግብረ-ሽበራውያን ተሓሪዶም
ካብኦም ዝበዝሑ ኣብ ባሕሪ ጥሒሎም
ካልኦት ኣሽሓት'ውን ይነበሩ ኣለው ኣብ መዓስከራት
መለለይና ኮይኑ ኣሰቃቒ ዜናታት።

ኣቱም ሰባት ንሕሰብ'ዶ ብዕምቆት ንዛተ
ዕጫና'ኮ ኣይኮነን ህይወትና ኣብ ባሕሪ ክስተ
ህያብ'ውን ኣይኮነን እዚ ኩሉ መከራ
ህግደፍ'ዩ ኣምጺእዎ ቀዳማይ ጸላኢና።

ንሕና'ኮ ንበዝሕ ካብ'ዚ ኣሬሜናዊ ስርዓት
ንሕና'ውን ንድልድል ከም ስምና ንኡሳት
ኣብ ብርክና ነስተንፍስ ኀቦታት ንቐድድ
ሃየ''ዶ ንቃለስ ክውገድ'ዚ ስርዓት።

እው፣ ንሕና ንበዝሕ ካብ'ዞም በዓል እከይ ግብሪ
ንሳቶም ደኣ ቁንጣሮ እንዳኣሎም ንፈልጦም ኢና
ብዕሊ

ንሕና ኢና'ኮ ዝነበርና 'ቲ ሓይሎም
ሎሚ ግን ብዘይ ንሕና ከይዶም'ዮም ቆንቍኖም።

መንፈሶም'ኮ ተሳዒሩ'ዩ ዘይከም ትማሊ

ዘለው ይመስሉ 'ምበር የለው እኮ ብግብሪ
ንሪኦም'ዶየለናን ካብ'ቲ ሓደ ናብ'ቲ ካልእ ይገላበጡ
ጸግዒ የናድዩ ስልጣኖም ከቃንዩ።

ንሳቶም እንተዝበሉ ደኣ ካልእንዶ ምኾነ
ንሳቶም እንተዝድልድሉ'ውን መሊሱ'ዶ ምዓርዓረ
ንፈልጦ ኢና'ኮ እቲ ናይ ትማሊ ግብሮም
መንእሰያትና ኣጥፊኦሞም ሓዊ ኣጕዶም።

ኣቱም ሰባት ጸሊም ታሪኽ ኢና ንገደፍ ዘለና
ናብ ሞት ንኸይድ ካብ ሞት ፈሪሕና
ኣያታትናስ 'ምበር ምስ ኸሕ ሸንከቲሕ'ዮም ገጢሞም
ሳላ ከምኡ ዝገበሩስ ሃገር ኣምጺኦም።

ንሕና ግን እጃምና ከይበገብርና
ዓዲ 'ማትና ክንከይድ ንጠፍእ ዘለና
ሕሰምና ከብቅዕ መፍትሒ ከይነምጽእ
ካብ'ዚ ርሒቕና ንምወት ኣበጻምእ።

ሞት ንሞትስ ክቡር ሞት'ኮ ኣሎ
ንሓቀኛ ዕላማ ህይወት ዝኽፈሎ
በጃ ህዝብን ሃገርን ሞባእ ምኳን
ታሪኽ ዝኸውን ንዘለኣለም ዝለዓል።

እሞ ሃየ'ዶ ንለዓል ንሕና'ኮ ንበዝሕ
እዚ ፍንፉን  ስርዓት ነበረ ክኸውን
ሕሰምና ከብዕ ቃልሲ'ዩ ምርጫና
ካልእ ምርጫ የለን ነበረ ዝገብር ሕሰምና።

ዓወት ንሓርነታዊ ቃልስና!
ክብርን መጎስን ንሰማእታትና!
ኣሕመድ ኢብራሂም
ፈነወ ረድዮ ድምጺ ሰልማን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 14-10-2015